# ትብዓትን ቆራጽነትን

እቶም መትከላዊያን ምኒስተራት ኤርትራ ሃገር ንሓፋሽ ኣዉሪሶም፡ ንደቆም ከኣ ኣብ ክንዲ ፍቕሪ ዶላራት ፍቕሪ ህዝቦም እንዳዉረሱ፡ ምስ ኩሉ ሓፋሽ ብትሕትና ሓቢሮም ዝሓልፉ ዘለው ምኒስተራት ‘ዮም።ቀደም ተምሃሮ ከሎና ንደቂ ኣስራተ ካሳ ዝሕልው ወትሃደራት ምሉእ መዓልቲ ኣብ ኣፍደገ ናይቲ ቤት ትምህርቲ(ካንቸሎ)ክሳብ ንፍደስ ይሕልዉዎም ነበሩ። ምስ ተፈደስና ኸኣ ንሕና ብብችክለታ ኣብቲ ጽርግያ እናነሃርናን ክሳብ እቲ ጽርግያ ምስቲ ጫማና ተፋሓፊሑ ድምጺ ዝገብር እግርና ኣብቲ መሬት እንዳዉረድና ኩርናዕ ንጥወ ፡ ነተን ብችክለታ ናይ መን ትድልድል እናተዋዳደርና ነንሓድሕድና ንደፋፋእ ነጋጭወን ብርቱዕ ፍሬኖ እናሓዝና እናዘለልና ገዛና ክንበጽሕ ከሎና፡፡ — ደቂ ኣስራተ ካሳ ግና ብዘይ ገለ ጸወታን ሰሓቕን ኣብ ማኪና ምስቶም ወተሃደራት ተጨቓጪቖም ናብቲ ግቢ ይኣትው ። ንዕረፍቲ ካብ ክላስ ክንወጽእ ከሎና ኸኣ ከምዚ እናበሉ ከዕሉልኒ ጀመሩ «ተስፋየ ንስኻትኩም ዕድለኛታት ኢኹም ከም ድልየትኩም ኣብ ጽርግያ እናተጻወትኩም ንገዛ ትኸዱ»

ዋእ እሞ ብብሽክለታ ዘይትመጹ? እንተሓተትክዎም «ወንበዴ ከይወስድኹም እናበሉና» ወይለይ ኣነ ኸኣ ገሪሙኒ ብደወይ ኣብ ዓሞቕ ሓሳብ ጠሓልኩ። «ንሕና ‘ባ ኢና ‘ታዶልቒ ቆሪስና ዶልቒ ንድረር ዘሎና» ካብዚ ዘሎናዮ ግዜ ንድሕሪት ተመሊሰ ክዝክር ከለኹ፡ ሰዉራ ኤርትራ ንቖልዑ ዕምባባ ‘ምበር ሓዊ ክዘርእ ሰሚዕናን ርኢናን ኣይንፈልጥን። በዓል ኣስራተ ካሳ ግና ንደቆም ፍርሒ እናዉረስዎም በዛ ዓለም ሓሊፎም። እቶም ስዓብቶም ኢትዮጵያዉያን ውን ነዚ ነገር ከም ባህሊ ዝሓዝዎ ይመስሉ ። በዓል ጀነራል ስብሓት ግና ማዕጽኦም ከፊቶም ንደቆም ትብዓት ከዉርሱ ይርኣዩ ኣለው።

ምኒስተራት ኤርትራ ኣብ ክንዲ ንደቆም ንወጻኢ ሰዲዶም ዘምህሩ ነቲ ገንዘብ ኣብ ገጠራት ማይ ቡምባ ክተኽልሉ፡ ደቆም ከኣ ምስ ተራ ሰብ ክዓብዩን ክምሃሩን ግቡኦም ክፍጽሙን ይርኣዩ ።ከምቲ ኣብ ዓዲ ሃሎ ዝሰማዕናዮ «ንሕና ናይ ስራሕ እምበር ናይ ወረ ኣይኮንናን» ካብ በረኻ መጺእና ብበረኻ ኸኣ ስራሕና ንጅምር። እቲ ዝገርመካ ኸኣ ሓደ ሓደ ጥቕሞም ዝጎደሎም ሰባት ንምኒስተራት ዘይትወርዱ እናበሉ ከእዉዩ ክትርእዮም ከሎኻ‘ዩ።

እቶም ምእንቲ ስልጣን ምስ ወያነ ኮይኖም ዕድሚኦም ዝሓለፎም ሰባት ንህዝቦምን መንእሰያቶምን ሓልዮት ዘይብሎም፡ ሕጂ ንህዝቦም ዝሓልዩ ክመስሉ ብዛዕባ ዶብ ኣልዒሎም ዘይፈልጡ፡ ኤርትራ ንወያነ ኣረኪቦም ካብዛ ዓለም ክፍለዩ ድሕር ኣይብሉን ‘ ዮም፡ ከምዚኣቶም ዝኣመሰሉ ነጋዶ ከኣ «ጃም ብልዒ» ይብሃሉ። ካብዚኣቶም የድሕነና፡ ኣድሒኑና ‘ሎ ኸኣ።ኤርትራ 3 ግዜ ከም ብሓድሽ ተወሊዳ ብ1993 /ብ 2000 /ብ2018 ዓ.ም.ከም ናይ ኤርትራ መስኮቶም ከፊቶም ዝድቅሱ ምኒስተራት ኣብ ዓለም ኣይተራእየን ኣይተሰምዐን።

ብጀካ ፕረሲደንት ኢሰያስ ካልኦት ጎረባብትና ብዛዕባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ተገዲሶም ክዛረቡ ኣይንፈልጥን ። መለስ ንባዕሉ ገሪምዎ «እዚ ሰብኣይ እዝስ ናይ ምንታይ ፕረሲደንት ‘ዩ ናይ ሶማል ድዩ ናይ ሱዳን ናይ ኢትዮጵያ ዋላ ናይ ኤርትራ‘ዩ መትሓዚ ‘ኮ ስኢንናሉ ክብል ንዝክሮ ዶ »ነታ ሕቶ ናይ መለስ? ኣባጎብየ ድሕሪ ዓሰርተ ዓመት መሊሱሉ ።«ኣባጎብየ ንጉስ ናይ ቀርኒ ኣፍሪቃ ከመዚ ይብል «ኣቢይ ሓወይ መራሒና‘ዩ» ንስኻ ኢኻ ትመርሓና ዝበሎስ ንቐርኒ ኣፍሪቃ ‘ዩ ‘ምበር ንኤርትራ ኣይኮነን። ኢሰያስ ንኤርትራ ክሸጣ እንተዝደሊ ነይሩ። ቀደም ወዲ 40 ዓመት ከሎ ምሸጣ ፡ደሴት ዓዲጉ ምስ ቤተ ሰቡ ናይ ዉልቁ ምቁር ናብራ መሕለፈ። ይዝከረና ‘ዶ ዘይንትዓጻጸፍ ኢና ኢልና ክንሓቶ? ኣብ መንጎ ደኣ ከይንስበር ክብለና።

ስለምንታይ ‘ና ወረ ( ዜና ) ናይ ኤርትራ ብኢትዮጵያ ንሰምዖ መንግስትናሽ ዘይዛረብ ኢልና ከኣ ከነዕገርግር ይስማዕ። ማንቲለኮ ትቕልጥፍ ካብ ኣባጎብየ ፡እዚ ኸኣ ርኢናዮ ‘ንዲና ኣብ ናይ ወያነ መንግስቲ፡። (ማንቲለስ ትጎዩ ‘ምበር ኣይትቕድምን)ዘሊሎም ዘሊሎም ኣብ ምንታይ ኣትዮም ። ኣብ ኤርትራ እቲ መንግስቲ ክሰርሕ ከሎ እቲ መሬት ‘ዩ ዝዛረብ (ዜና)ዝህብ ስለዚ ከምቲ ፕረሲደንት ኢሰያስ ቅድሚ 30 ዓመት ዝበሎ ፡ « ብሃዉሪ ዘይኮነስ ብዓቕልን ትዕግስትን»

ሕጂ ‘ዉን እቲ ኣብ ዓድና ዝስራሕ ዘሎ እናረኣናን እጃምና እናበርከትናን ከምቲ ፕረሲደንት ዝበሎ ብዓቕልን ትዕግስትን ንጸበ።




ተስፋይ ትኳቦ